# ይኣክል ይኣክል .እወ! ይኣክል፥

ጀንዳ ህ.ግ.ደ.ፍ. ከብቅዕ ህዝቢ ስልጣን ክርከብ ፤ እወ! ኣብ በረኻ ዘለኹም ክትኣትዉ ሂወትኩም ክትመርሑ፥ እወ! ኣብ እስርቤታት ትበልዩ ዘለኹም ነጻ ክተኮኑ ምስ ስድራቤትኩም ክትታዓቛቖፉ፥ እወ! ኣብ ስደት ዘሎ ሰብ ብሐባር ናብ ሃገሩ ክምለስ ፤ ህዝባዊ ስርዓት ክትከል፥ፍትሒ፣ መሰል፣ማዕርነት፥ክነግስ ። እዚ ንዎሎዶታት ንኢሹቶ መስቶርሆት ዘይረኸበ ህዝቢ ካኣ ናይ ብሐቂ ሓንሳብ ንሓዋሩ ክስሕቅ ክድበስ።

እወ! ክቡር ህዝቢ ደቅና እንድዮም እናበለ ጌጋ አብ ርሲ ጌጋ ዝተጻወረ ፤ ስልጣን ባዕሉ ዝህብ ባዕሉ ካኣ ዝከልእ ክንሱ ፤ ክሳብ ክድዚ ዝኣክል ጭካነ ፤ ንዕቀትነ ፤ ዉርደትን የስዕብ ኢዩ፥ ኢሉ ስለ ዘይሐሰበን ፤ ዘይገምገመን ፤ ዘንጊዑ ተመንጢሉ። ብወተሀደራዊ ምምሕዳር ሕጊ አልቦ ሃገር ኮይና። ህዝቢ ብሓይሊ ተጨፍሊቑ ድከቱ ይሰቲ ኣሎ ።

እዞም ሰባት ዕላምኦም እንታይ ኢዩ? እንተበልካ ፤ አስማት ጀጋኑ ብጾቶም ዘይዝክሩ፥ ምኩራት ብጾቶም ዝኣስሩ ዘሕቅቑ ፤ ኩልግዜ ሐደስቲ ዘታኣናግዱ ፤ ንህዝቢ ናይ ሕልሚ ጠስሚ ዘብልዑ፥ ማለት መተዓሻሸዊ ተሰፋ እናሰነቑ ከንብሩና ዝደልዩ። ሃገር ኣብ ኣርባዕተ ምምሕዳር ጀነራላት ጎዛዚኻ ሃብቲ ሰብ፣ ጥሪት ስብ፣ ሂወት ሰብ ፣ርስቲ ሰብ ከምድላይኩም ግበርዎ ኢሎም፥ ዘቀጥቅጡና፣ ዘእስሩና፣ ዘቕትሉና ህዝቢ ደም ኣንቢዖም፥ ኩሉ ሰብ ከም ዝስደድ ዝገብሩ ዘለዉ፥ ገምጢልካ ገማጢልካ እንተሪኻዮ ፥ናበይ ኣዩ እቲ ጉዕዞ ፥እንድዒ እንድዒ እወ እንድዒ መልሲ የብሉን ።

ብምምሕዳር ህዝባዊ ግንባር ምንቅስቃስ ንደምክራስን ፍትሕን ወይ ህ.ግ.ደ.ፍ. ግን እቲ ዕላማ መልሱ ነብስኻ ምኽኣል ኢዩ ይብሉ ፥ጽቡቕ ኩልና ንደልዮን እዩ።እሞ ድኣ ሐቢርና ሃገርና ክንካላኸልን፥ ሃገርና ክንሃንጽ፥ ነብስና ከንክእል ኣይንክልን ዲና? ሓደ ሰብ ንበይኑ ድዩ ነብስና ዘኽእለና ? ኣየ! እዛ ስስዕቲ ኣነ! ኣነ! ኣነ! እንኮ ኣነ ፤ ብዘይካይ ዝመርሕ የለን ንደሕሪ ሕጂ ካብ 40 ዓመታት ንላዕሊ ምርጫ የለን ክብል፥ ምናልባሽ ንኣመሪካ ከሕርቐ ይመስሎ ይኽዉን፥ ኣብ ምሉእ ዓለም ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ክንደ ከምዝጎሃየ ይስቖርዶ'እበር ይከዉን? ግርምእባ ጸላም መንጠሊና፥ምንቀሰቓስ ንደሞክራስን ፍትሕን። እቲ ብቕያ ንዝክሮ ናይ 30 ዓመታት ሰዉራዊ ቃልሲ ፥ጀጋኑና ሓሓላፍነቶም ፈሊጦም ተዛቲዮም ፤ ሓያል ስልተ ወጢኖም ፤ ብዘይ ራኣየለይ ስምዓለይ ጉዳዮም ፈጺሞም ዘይጃሃሩ ፤ ብክቡር ደሞም ታንክታትን መዳፍዕን ዝወነኑ ፤ ምስ መማህራን ነፍሰካ ምኽኣል ስዉኣትን ህልዋትን ፤ ደቂ"ዛ መሬት እዚኣ ሐደ ምዕራፍ ብጽፈት ዝዛዘመ ህዝቢ እኮ ኢዩ።

እቲ እከይ ጥራሕ ክኣልም ፤ ሓድነት ጀጋኑ ከላሕልሕን ፤ ከሕቅቅን ዝጸንሐ ኣካል፥ ሎምስ ይኣክል ብጥልመት ኣይንጓዓዝን ፤ ስልጣን ናይ ህዝቢ ኢዩ ፤ ንዋንኡ ነረክቦ ምስ በልዎ ብጾቱ ፤ ዕራቀቱ ወጽኡ ኢዩ ። ቑዋምና ረጊጹ ሴፍ ኣብ ርእሲ ህዝቢ መሊሑ ክነብር ወሲኑ ኢዩ ። ህዝቢ ግን ክሳብ ሎሚ ኣይወሰናን፥ እሞ ኣባላት ፓርላማ ሃገር ፤ ጋዘጠኛታት ልሳን ፤ ክንዓርቕ ዝበሉ ወለዲ ህዝቢ ኣበይ ኣለዉ ።ነዞም ህዋሳት አልሚሱ፥ ኣነ ነብስኹም ከኽእለኩም እየ ዝብል፥ ኩሉ ፋሕ ኢልዎ ፤ ፋሕ ብትን ኣቢሉና ዘሕዝን ኢዩ።

ንግፍዒ መንእሰያትና ንረዳኣዮ ፤ ኣያታቶም ብሓይሊ ገፊፎም፥ ኣብ በረኻታት ኣስፈረም ከምመዋእል ባርነት ከምድላዮም ዘስርሕዎም፣ ዝቕጥቕጥዎም፣ ዝኣስርዎም፣ እንተደልዮም እዉን ዝርሽንዎም ፣ ስድርኦምን ቤተሰቦምን ከይነገሩ ከም ደማሙ ዝቐብርዎም ፤ ነተን ጽቡቃት ናኣሽቱ ኣሓቶም ናብ ከደምቶም ዝቅይሩ፣ ብሓይሊ ዝጋሰሱ ፤ መንእሰያትና ኣእዉዮም ህዝቢ ምስ ኣጽቀጠ ፤ ንላዕሊ ጠሚትካ ሰማይ ፤ ንታሕቲ ጠሚትካ ቀላይ ፤ ምስኮኖም ዕዉር ጉዕዞ የምርሑ ፤ ዘይተጸንዔ ምንቅስቃስ ካኣ ኩሉ ግዜ ሐደገኛ ይኮዉን፥ ብኡ መሰረት ብዙሓት ይጉድኡና ኣለዉ። እቲ ዝገርም ካኣ ፥ድሕሪ እዚ ኹሉ ድኻም ኣብ ኣዉሮጳ ይኹን ኣመሪካ ፤ ምስአተዉ ፤ ብተቛወምቲ መንግሰቲ ይኹን ብደገፍቲ ፤ ብኣሉታ ይጥመቱ ። እቶም ተቛወምቲ ስኖም ነኪሶም ለዉጢ ዘየምጽኡ ክብሉ ከለዉ እቶም ደገፍቲ መንግስቲ ካኣ ከዳዓት ኢዮም ይብሉ ፤ ስለዚ ብሞራል ጽቡቕ ስለ ዘይ ስምዖም ካቲ ዝግበር ናይ ዓበይቲ ምንቅስቓሳት ነብሶም የግልሉ'ሞ ፥ጋግ ገሩ ጽቡቕ ክዋሃሃድ ግዜ ይወስድ ኣሎ ሓያል ጠመተ ዘድልዮ ጉዳይ ኢዩ ።

ኣድማዒ ነገር ፡መንእሰያት ካብ ኩለን ብሓራት ዝታኣከቡ ፡ ብሓባር ናይምንባር ዓብይ ኣጋጣምታት ፡ ኣብ ታዕሊም ፡ ኣብ ማዓስከራት ፡ ኣብ እስርቤታት ፡ኣብ ጉዕዞ ስደት፡ ከም ኣሕዋት ወጹዕ ንወጹዕ ኣብ ነንሕድሕዶም ተሪር ፍቕሪ ኣለዎም ፡ ብጽቡቕ እንተ ተኣሊዮም ፡ እሞ ብሐቂ ብድልይቶምን ብዕግበቶምን እንተ ተላዒሎም ፡ ኩሉ ጽቡቕ ናይ ሃገር ኤርትራ ከዉሕሱ ምኽኣም ኣየጣራጥርን ኢዩ ። መፍቲሕኡ ግን ብ ናይ ቤርጌስ ማሕበራት ዝተዓደመ ናይ ዓበይትን ፡ መንእሰያትን ምሁራት ኣኼባ እንተ ዝካየድ፡ እቶም ኣብ'ቲ ስቓይ ጌና ዘለዉን ፡ ከምኡ'ዉን ንቐጻሊ እንታይ ኢዩ መፍቲሒኡ? ኣልካ ምዝታይ ዘቃራርቡና ስልትታት ምተፈጠሩ ዝብል ዘይናዓቕ ገምጋም ኣሎ ።

መንእሰያትና በስገዳድ ናበ ኤርትራ ተመሊሶም ፡ ዘጋጥሞም ዕድል እንታይ ኮን ይኮዉን? ትክስ ድሙ መዳህለሊ ኣንጭዋ ዶኾን ይኸዉን ?
ንድሕሪት ምልስ ኢልና ክንዝክር ፡ ንወተሃደራት ደርጊ ብፍላይ ንማዓል ኮኔረል በዛብህ ፡ ተመልከተለይ እናበሉ ክንደይ ዝበደሉና እኹ ምሕረት ተገሩሎም ዓመታት ጸኒሖም ናብ ስድራ ቤቶም ብሰላም ተፋኒዮም ። ንህዝብካ ክሳብ ክንድዚ ምጭካን ግን ይገርመና ኣሎ። ሰባት ብሃነጽቲ ምዕዶታት ይዕረዩ፡ ሐጻዉን ካኣ ቀጥቂጥካ ይዕረዩ። ምምሕዳር ህ.ግ.ደ.ፍ. ግን ንሰብ ብምቅጥቃጥ ከተዔርዩ ክትብሉ ዘይጥሙር ማእዶ ኮይኑ ካብ ኢድኩም ፋሕ ብትን ይብል ኣሎ ብኣታሓሕዛኹም ክትሓፍሩ ይግባኣኩም ፡ዕንባባ ጽቡቓት መናአሰያትና ኣይተባኺዩልና፡ ኣብ ቕድሚ ዓለም ናይ ምሕረት ቃል ስለ ዝኣቶኹም ሓንቲ ማዓልቲ ኣብ ሂወትኩም ቃልኩም ከተኽብሩ ንምሕጸን።

ዓገብ ዕቑባ መንእሰያተወና ዝከልኡን ኣሕሊፎም ዝሃቡን ፡
ሞራልን ትብዓትን ንመመንእሰያትና፡
ሰላምን መስተርሆት ንህዝቢ ኤርትራ

*ኢስጢፋኖስ መንግስት* ኣብ ጀርመን።
10.07.08